


ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዝማሃሮም ብዙሓት ትምህርትታት ሓደ ብዛዕባ ብጽእና ዜውህብ ግብራዊ ክርስቲያናዊ ናብራ ወይ ህይወት እዩ። እዞም ትምህርትታ እዚኦም ኪምህሮም ከሎ ፡ ኣብ ከረን ኲይኑ ስለ ዝመሃሮም ናይ ከረን ስብከት ተባሂሎም እዮም ዚፍለጡ። ብዝርዝር ድማ እዞም ዚስዕቡ እዮም ፦

> *“ብመንፈስ ድኻታት ፡ መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ ብጹኣን እዮም። ዚጕህዩ ፡ ምጽንናዕ ኪረኽቡ እዮም እሞ ፡ ብጹኣን እዮም። ዓቃላታ ፡ ንምድሪ ኺወርስዋ እዮም እሞ ፡ ብጹኣን እዮም። ጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸምኡን ፡ ኪጸግቡ እዮም እሞ ፡ ብጹኣን እዮም። መሓርቲ ፡ ምሕረት ኪረኽቡ እዮም እሞ ፡ ብጹኣን እዮም። ጽሩያት ልቢ ፡ ንኣምላኽ ኪርእይዎ እዮም እሞ ፡ ብጹኣን እዮም። ገበርቲ ሰላም ፡ ውሉድ ኣምላኽ ኪበሃሉ እዮም እሞ ፡ ብጹኣን እዮም። ምእንቲ ጽድቂ ዚሰደዱ ፡ መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ ፡ ብጹኣን እዮም። እንተ ጸረፉኹምን እንተ ሰጐጕኹምን ምእንታይ ድማ ምእንታይ ድማ ክፉእ እንተ ተዛረብልኩምን ፡ ብጹኣን ኢኹም። ከምኡ ኸኣ ቅድሜኹም ንዝነበሩ ነብያት ሰጒጎሞዎም እዮም እሞ ፡ ኣብ ሰማያት ዓስብኹም ብዙሕ ስለ ዝኾነ ፡ ተሓጎሱ ባህውን ይበልኩም (ማቴ 5:3-12)።*

ሎሚ ኣብዚ ጽሑፍና እንርእዮ ኣርእስቲ ብዛዕባ ገበርቲ ሰላም ዚብል ኪኸውን እዩ። ንምኳኑ “ሰላም” እንታይ ማለት እዩ ፤ ኢልካ ምሕታት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሰላም ማለት ካብ ህውከት ወይ ውግእ ናጻ ወይ ሓራ ምኳን ማለት እዩ። ረበሻ ወይ ግርጭት ዘይብሉ ህልውና ፡ ውሑስ ህዱእ ዕሩፍ ቅሳነት ሩፍታ ዘለዎ ሃዋህው እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን “ሻሎም ፡ Shalom” ዝብል ቃል ንሰላም ዚገልጽ ቃል ምኳኑ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሰባት ይገልጹ። “ሻሎም” ማለት ከኣ ብኣእምሮን ብኣካልን ብህልውናን ብዅሉ ኲነታት ውሑስ ምኳን ማለት እዩ። ኲሉ ነገር ብውህደት ብስኒት ብስምምዕ ብሓደ ዝነብረሉ ምሉእነት ዘለዎውን እዩ። ምስ ጊዜን ኲነታትን ዘየቋርጽ ሰላም እዩ እዚ ሰላምዚ። ንገዛእ ርእስኻ ወኒንካዮ ማለት ከዚንካዮ ሰቕ ትብል ጥራይውን ኣይኰነን ፡ እኳ ደኣ ንኻልኦትውን ብኸምኡ ኲሉ ጊዜ ትመቕሎ እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን እዚ ሰላምዚ “ኤረነ ፡ Eirene” ዝብል ቃል እዩ ሒዙ ዘሎ። ኤረነ ማለት ከኣ ተፈላልዩን ተረሓሒቑን ተዘሪጉን ተረቢሹን ዝጸንሐ ርክብ ሓደ ምግባር ፡ ማለት ምትዕራቕ ወይ ምህዳእ ወዘተ ዝገልጽ ሰፊሕ ቃል እዩ።

ሰላም ኣብ ህይወት ሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ኵሉ ፍጥረት ኣምላኽ ዘበለ ማዕረ ኽንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ዚዝንግዖ ሰብ የሎን። ምኽንያቱ ከም ሰብ መጠን ንኽትነብር ኵሉ ነገር መሊእልካ ከተብቅዕ ግን ሰላም እንተ ዘይብልካ ፡ እቲ ካልእ ኪህልወካ ኽሎ ንበይኑ ምሉእነት ስለ ዘየረጋግጽ። ሰብ ትርጉም ዘለዎ ህይወት ኪነብር እንተ ኾይኑ ፡ ሰላም መተካእታ ዘይብሉ ነገር ምዃኑ ኪግንዘቦ ይግባእ። ሓደ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ንርዝነትን ዋጋን ሰላም ኣብ ህይወት ሰብ ኪገልጽ ከሎ ከምዚ ኢሉ ፦ “ሰላም ኣብ ውልቃውን ማሕበራውን መንፈሳውን ህይወት ዘለዎ ተራ ብቓላት ክትገልጾ ኣጸጋሚ እዩ። ካብ ብቓላት ኪግለጽ ብግብሪ ከተስተማቕሮ ከሎኻ ዝዓሞቐ ትርጉም ኣለዎ።”

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ንገዛእ ርእሱ መስፍን ሰላም ስለ ዝኾነ ንቲ ኣብ መንጎ ሰብን ኣምላኽን ከምኡውን ኣብ መንጎ ዓሌታት ሰብ ዝነበረ ከልካሊ ቀጽሪ ዜፍረሰ ስለ ዝኾነ ፡ ንሱ ሰላምና እዩ ተባሂሉ ኣሎ (ኢሳ 9:6, 2:14)።

እዚ ዓይነት ሰላም እዚ ፍሉይ ኣምላኻዊ ሰላም ስለ ዝኾነ ከምቲ ኣብ ዓለም ዘሎን ዓለም እትህቦን ዓይነት ሰላም ዘይምዃኑ ክንርዳእ ይግባእ። ምኽንያቱ ዓለም እትህቦ ሰላም ኵነታዊ እዩ። ምስ ጊዜ ዚቀያየር እዩ። ናይ ጐይታ ሰላም ግን ከምኡ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ እዩ ጐይታ ከምዚ ዝበለ ፦

> *“ሰላም እሓድገልኩም ፡ ሰላመይውን እህበኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹስ ፡ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን። ልብኹም ኣይሸበርን ኣይሰምብድን” (ዮሃ 14:27)።*




እዚ ሰማያዊ ዝኾነ ሰላም ድማ ንብዙሓት ቅዱሳን ካብ ምግዛኡ እተላዕለ ፡ ኣብዛ ምድሪ ግሸነቶም ንኣምላኾም ኣገልጊሎም ኪሓልፉ ገይርዎም እዩ። ካብቶም ብዙሓት ገለ ሒደት ንምጥቃስ ዝኣክል ፦ ምድርን ኣብ ምድርን ዘሎ እኳ እንተ ተገልበጠን እንተ ተናወጸን ሰላሞም ብኣምላኾም ካብ ምሕላዉ እተላዕለ ንኣምላኾም ብዘይ ምንዋጽ ዜገልገሉ ዳዊትን መገላግልቱን ነበሩ (መዝ 46)። ኣብ እምነቱ ዚጸንዐ ዳንኤል ኣብ ጉዳጉዲ ኣናብስ እኳ እንተ ተደርበየ ሰላሙ ሕሉው ነበረ (ዳን 6:10-28)። ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ኣብ እቶን ሓዊ እኳ እንተ ተደርበዩ ግናኸ ሰላሞም ሕሉው ነበረ (ዳን 3:8-30)። እታ ሃዋርያ ጳውሎስ ዚጓዓዘላ ዚነበረ

መርከብ ፡ ብምኽንያት እቲ ኣዝዩ ብርቱዕ ማዕበል እኳ እንተ ተሰብረት ሰላሙ ሕሉው ካብ ምንባሩ እተላዕለ ግን ንህይወቱን ንህይወት ብዙሓት ነፍሳትን ንድሕነት ምኽንያት ኰይኑ እዩ (ግ.ሃ 27)። እቲ ቀዳማይ ሰማእት ቤተ ክርስቲያን ዝኾነ ቅዱስ እስቲፋኖስ ብዘሰቅቕ ሰማእትነት እኳ እንተ ሓለፈ ግናኸ ሰላም ኣምላኽ ዚገዝኦ ሰብ ስለ ዝነበረ ስለ እቶም ቀተልቱ "ጐይታይ እዚ ሓጢኣት እዚ ኣይትሓዘሎም" ኢሉ ኪጽሊ ኪኢሉ እዩ (ግ.ሃ 7:54-60)። ንዮሴፍ (ዘፍ 45) ሓዊስካ እዞም ዝጠቐስናዮም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ህይወቶም ምስክር ስለ ዝኾነ ካብቶም ብዙሓት ሒደት ኣብነት ብዘይ ምንዋጽ ብሰላም ዜገልገሉ ኢልና ክንጠቕሶም ንኽእል ኢና።

ልደት ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ነዛ ምድሪ እዚኣ ካብ ዜምጸኣላ ሓደ "ሰላም" እዩ። ብምኽንያት ሓጢኣት ሰላም ስኢና ዝነበረት ምድሪ ሕጂ ግና ብምውላድ ጐይታ "ሰላም" ተበሲራ እያ። ስለዚ ድማ እዮም ሰራዊት ሰማይ ከምዚ ብምባል ዘመስገኑ ፦

*"ብዙሓት ሰራዊት ሰማይ ድማ ብድንገት ምስቲ መልኣኽ ተጸምቢሮም ፡ ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም ሰምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት ፡ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ" (ሉቃ 2:13, 14)።*

ሃዋርያ ጳውሎስ ንኣገዳስነት ሰላም ኣብ ህይወቱ ኣዝዩ ስለ ዜስተማቕሮ እዩ ኣብ ኵለን መልእኽትታቱ ንሰላም ከይጠቐሳ ኪሓልፍ ዘይከኣለ። ሰባት ንደጋዊ ህይወቱ ርእዮም እኳ ብዙሕ እንተ በልዎ ውሽጡ ግና ውሓዚ ዝኾነ ሰላም ከም ዝነበሮን ኵሉ ጊዜውን ሕጉስ ምንባሩን እዩ ዚምስክር ዝነበረ። እዚ ኸኣ ካልእ ዘይኰነስ እቲ ሰማያዊ ሰላም ኣምላኽ ኣብ ውሽጡ ስለ ዝበዝሓሉ እዩ።

*"ከም ጕሁያት ፡ ግናኸ ኵሉ ሳዕ ሕጉሳት ኢና ፡ ከም ድኻታት ፡ ንብዙሓት ግና ነጸጉ ኢና ፡ ኵሉ ኽሎናስ ፡ ሓንቲ ኽም ዜብሎም ኴንና ንረኤ ኣሎና" (2ቈረ 6:10)።*

ሓደ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ፡ ብዛዕባ እታ ካብ ጐይታ ዝኾነት ሰላም ኣብ ህይወትካ ምእንቲ ክትጸንዓልካ ፡ ብወገንካ ክትገብሮ ዘሎካ ጻዕሪ ኪዛረብ ከሎ ከምዚ ኢሉ ፦ "ሰላም ብሃንደበት ዱብ ኢሉ ኣብ ልብና ወይ ኣብ መንጎና ዝኣቱ ነገር ኣይኰነን። ባዕላትና ብረድኤት ኣምላኽ ተደጊፍና ብናጻ ፍቓድ እንሓርዮ ክንነብረሉ ድማ እንውስኖ ግብራዊ ውሳኔ እዩ።" ሰብ ነቲ ሰማያዊ ሰላም ኣብ ህይወቱን ጐረባብቱን መሳርሕቱን ኪሕልዎ መንፈሳዊ ግዴታን ሓላፍነትን ኣለዎ። እዚ ኣምላኽ ዜሰከሞ ሓላፍነት ኪዋጽኦ ምስ ዝኽእል ጥራይ ድማ እዩ ሰላሙ ውሑስ ኪኸውን ዝኽእል። ገለ ካብቲ ብዙሕ ሒደት ቃል ኣምላኻዊ ትእዛዛት ድማ እዞም ዚስዕቡ ኪጥቀሱ ይኽእሉ ፦

*"ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሄር ኣይኪርእዮን እዩ እሞ ፡ ንቕድስናን ንሰላም ምስ ኵሉ ሰብን ስዓብወን" (እብ 12:14)።*

*“ነቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ጌርኩም ክትሕልውዎ ፡ ተጋደሉ” (ኤፌ 4:3)።*

እዚ ሕብረት መንፈስ ኪሕሎ እንተ ኹይኑ ገድሊ ኪሓተካ እዩ። ብኸምኡ ብናጻ ዚሕሎ ሕብረት የሎን። እዛ ሃዋርያ ጳውሎስ ጠቒሰዋ ዘሎ “ተጋደሉ” ትብል ቃል ፡ እታ ሰላም ምእንቲ ክትዕቀብ ኵሉ ክትከፍሎ ዝግባኣካ ዋጋ ክትከፍል ከም ዘሎካ እያ ትገልጽ። ምኽንያቱ ካብ ሰላም ዚዓቢ ነገር ስለ ዘየሎ። ኣብ ዘመነ ንግስነት ሮማ ግላድያቶራዊ ቅልስ ልሙድ ነበረ። እዚ ቅልስ እዚ ንምርኢት ኢሉ ዚቐርብ ኲይኑ ብኣጸዋርር እተሰነየ ቅልስ እዩ። እቲ ዝነበረ ቅልስ ሰብ ምስ ሰብ ኪኸውን ይኽእል። ከምኡውን ሰብ ምስ ኣራዊት ኪኸውን ይኽእል። እቲ ዚቃለስ ዘሎ ሰብ ፡ ህይወቱ ምእንቲ ኬድሕን ኪገብሮ ዚኽእል ዘበለ ኵሉ እዩ ዚገብር። ስለዚ እዛ ሃዋርያ ጳውሎስ ጠቒሰዋ ዘሎ “ገድሊ” እዛ ሓደ ግላድያቶር (Gladiator) ህይወቱ ምእንቲ ካብ ሞት ኬትርፍ ኢሉ ዚጋደላ ገድሊ ምዃና ክትርዳኣና ጽቡቕ እዩ።

ገበርቲ ሰላም ክንከውን ቀንዲ ጻውዒትና እዩ። ከም መንፈሳዋያን ሰባት መጠን ከኣ ፡ ኣብ ዙርያ እዞም ዚስዕቡ ኣዚና ክንዓዩ ከም ዘሎና ክንርዳእ ይግባእ። ሰላም ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ፡ ሰላም ኣብ መንጎ ወለድን ውሉድን ፡ ሰላም ኣብ መንጎ ኣሕዋት ፡ ሰላም ኣብ መንጎ ቤተሰባት ፡ ሰላም ኣብ መንጎ ጐረባብትናን ከባቢናን ሰራሕና ፡ ሰላም ኣብ መንጎ ቤት ክርስቲያንን ኣገልገልትን ፡ ሰላም ኣብ መንጎ ዓድን ከተማን ሃገርን ኣህጉርን ፡ ብሓፈሻ ሰላም ኣብ ምድሪ።




ገበርቲ ሰላም ንክርስቶስ ዚመስል ጽልዋ ዘለዎም ናይ ህይወት ማዕበል ዜህድኡ እዮም። ገበርቲ ሰላም ብጸጋ ኣምላኽ ዚነብሩ ኣብ ዕለታዊ ናብራኦም ከኣ ሕያውነት ኣምላኽ ዝጠዓሙ እዮም። ስለዚ ድማ እዮም ውሉድ ኣምላኽ ኪበሃሉ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም እተባህለ። እምበኣርከስ ጻውዒትና ኣነጺርና ክንፈልጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምሉእን ፍጹምን ፍቓድ ኣምላኽ ፡ ኣባና ዘሎ ሰላም ኣምላኽ ጥራይ ክንዕቅብ ዘይኮነስ ፡ ኣብቲ ሰላም ዘይብሉ ኣቲናውን ሰላም ክንገብር እዩ ።

ከም ኣብ ኵሉ ዘመን ፡ ኣብ ዘመንናውን ሰላም ዚመስል ግን ከኣ ሰላም ዘይኮነ ፡ እተሰነዐ ሰላም ኣሎ። እዚ ከምዚ ዚዓይነቱ ሰላም ንሰብ ኣዝዩ እዩ ዜብርሶ። ሕብሪ ናይ ሰላም ኣለዎ ፡ ግናኸ ካብ ውሽጢ ስለ ዘይኮነ ንፋስን ዝናብን ኪሃርሞ ከሎ ሃሳሲ ከምኡውን ተበላሊ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ጠፋኢ እዩ።

እስራኤል ብኸምዚ ዝዓይነቱ ሰላም ፡ ነቢያት ሓሶት ብዝሰንዕዎ ሰላም ዝተጓዕዘሉ ዘመን ሓጺር ጊዜ ኣይነበረን። ንኣብነት ኣብ ዘመነ ነቢይ ህዝቅኤል ጊኒ ይረአ ስለ ዝነበረ ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ይዛረቦም ነበረ ፦

> *"ሰላም ዜልቦስ ፡ ሰላም ኣሎ ፡ ኢሎም ንህዝበይ ስለ ዘስሓትዎ ፡ እወ ስለ ዘስሓትዎ ፡ ንሱ መንደቕ እንተ ነደቐ ፡ እንሆ ፡ ንሳቶም ብዘይ ቀውም ጸብሪ ይልቕልቕዎ ኣለዉ" (ህዝ 13:10-12)።*

ገባሪ ሰላም ክትከውን እንተ ዘይኪኢልካ ገባሪ እከይ ኢኻ ክትከውን። እግዚኣብሄር ከኣ ንገበርቲ እከይ ከም ዚጻረሮም ንገበርቲ ሰላም ግና ናይ ጽድቂ ፍረ ብኸምኡ ከም ዝዘርኣሎም ክንፈልጥን ከነስተውዕልን ይግባኣና እዩ (ያእ 3:18, ምሳ 21:9) ፦

> *"እቲ ንቤቱ ዚገላብጥሲ ንፋስ ይወርስ ፡ ዓሻ ኸኣ ነቲ ጥበበኛ ዝልቡ ባርያኡ ይኸውን" (ምሳ 11:29)።*

> *"ኣዒንቲ እግዚኣብሄርሲ ናብ ጻድቃን እየን ዚርእያ ፡ ኣእዛኑውን ናብ ጸሎቶም እየን ፡ ገጽ እግዚኣብሄር ግና ኖቶም ገበርቲ እከይ ይጻረሮም እዩ እሞ ፡ እቲ ህይወት ዚፈቱ ጽቡቓት መዓልታት ከኣ ኪርኢ ዚደሊ ፡ ልሳኑ ኻብ ክፉእ ፡ ከናፍሩውን ተንኰል ከይዛረባ ይኸልክል። ካብ እከይ ይዝበል ሰናይ ከኣ ይግበር ፡ ንሰላም ይድለያ ይሰዓባውን" (1ጴጥ 3:10-12)።*

# <u>ግብሪ ሰላም - ኣብ መንጎ ሱብኣይን ሰበይትን ዘተኲረ ግርጭት</u>

## 1. <u>ግርጭት እንታይ ማለት እዩ፧</u>

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ሓሳብ ብዛዕባ ገበርቲ ሰላም ሓፈሻዊ ብዛዕባ ኵሉ ዝምድናታት ሱብ እዩ። ካብዚ ቐጺልና ግና ካብቲ ብዙሕ ዝምድናታት ሱብ ሓደ እሞ ኸኣ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ዝምድና "ዝምድና ሱብኣይን ሰበይትን" ብመንጽር ግብሪ ሰላም ክንርኢ ኢና። ንምኳኑ ግርጭት እንታይ ማለት እዩ፧ ኢልካ ምሕታት ዘይተርፍ እዩ። ግርጭት ማለት ክልተ ወገናት ኣንጻር ሓድሕዶም ደው ኪብሉን ኪፋጠጡን ከለዉ እዩ። ግርጭት ንናይ ካልኦት ሸቶን ድልየትን ዚጻረር ወይ ዜፍሽል ናይ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ዓላማን ፍልልይ እዩ ተባሂሉ ኪግለጽ ይከኣል እዩ። ግርጭት ብግቡእ ኣተሓሕዛን ኣፈታትሓን እንተ ዘይተኣልዩ ሰላም ይዝረግ ፡ ፍቕሪ ይዝሕል። ኣብ ሓዳርና ይኹን ኣብ ማሕበራዊ ህይወትና ከኣ ንሰለ ምንባር ደኣ ኢና እንነብር እምበር መቐረት ዘለዎ ህይወትሲ የሎን። እናሓደረ ተሰፋ ዜቑርጽ ፡ ዚበላሾ ፡ ንድሕሪት ዚምለስ ካብ ምኳኑ እተላዕለ ናብ ባእስን ክስን ፍትሕን ኣቢሉውን

ይምዕብል። ዘገራጭዉና ጉዳያት ብግብኡን ብስሉን ክርስቲያናውን (መጽሓፍ ቅዱሳውን) ኣተሓሕዛ እንተ ኣለዎም ከኣ ብኣንጻሩ ንጥቡቕን ዓሚቑን ዝምድናን ልባዊ ምቅርራብን ሓጋዚ እዩ። ጥዕና ዘለዎ ግርጭት ጽባሕ ንግሆ ንዚፍጠር ጽኑዕን ጥቡቕን ፍቕርን ምቅርራብን መሰረት እዩ። ብሓደ ኣናነበሩ ክነሶም ግን ከኣ ዘኹነ ግርጭት ከም ዘይብሎም ዚዛረቡ ሰባት እንተ ደኣ ኣለዉ ኲይኖም ይሕሰዉ እዮም ዘለዉ። ሰላም ዚዘርግ ፡ ፍቕሪ ዜዝሕል ፡ ርክባትና ወይ ዝምድናና ዜበላሹ ብግቡእ ዘይተታሕዘ ግርጭት ሓደገኛ ሓጢኣት እዩ። ዓለም ከኣ ንሓጢኣት ዘኸውን መፍትሒ የብላን። እቲ እንኮ መፍትሒ ወንጌል ኣምላኽ ጥራይ እዩ። ስለዚውን እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እዚ መፍትሒ ዘኹነ ቃል ወንጌል ወይ ቃል ዕርቂ ከምዚ ዝበለ ፦

> *“ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ ፡ እቲ ብሉይ ሓሊፉ ፡ እንሆ ፡ ኵሉ ሓድሽ ኰይኑ። እዚ ኹሉውን ካብቲ ባዕሉ ብክርስቶስ እተዓርቀና ፡ ኣገልግሎት ዕርቂውን ዝሃበና ኣምላኽ እዩ። ማለት ፡ ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ኺዓርቃ ኸሎ ፡ ኣብ ክርስቶስ ነበረ እሞ ፡ በደሎም ኣይሓዘሎምን ፡ ኣባና ኸኣ ቃል ዕርቂ ኣንበረ” (2ቈረ 5:17-19)።*

ንኹሉ ዓይነት ግርጭታት ኬተዓርቕ ዝኽእል ወንጌል ክርስቶስ ጥራይ ምዃኑ ምግንዛብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ወንጌል ክርስቶስ መጺእካ “ኪተዓረቕ ዘይክእል” ግርጭት የሎን። ዘይትዓረቕ ፡ ዘይሳነ ፡ ዘይሰማማዕ ፡ ዘይቃዶ ፡ ዘይዕረ ፡ ዘይወራረድ ፡ ዝበሃል ኣብ ወንጌል የሎን።

## 2. <u>ብፍላይ ኣብ ሓዳር ጠንቅታት ግርጭታት እንታይ እዮም ፧</u>

### 2.1. <u>ብዙሕነት ወይ ፍልልይነት</u>

ብዙሕነትና ወይ ፍልልይነትና ሓደ ኽፋል ናይ ሰብኣዊ ፍጥረትና እዩ። ኵላትና ሰባት ብኣፈጣጥራና ሓደ ዝገብረና ባህርይ ኣሎና ፡ ከምኡ ኸኣ ዘፈላልየና ባህርይ ኣሎና። ንኣብነት ፡ ካብቲ “ሓደ” ዝገብረና ብእግዚኣብሄር ኣምላኽ እተፈጠርና ፍጡራት ምዃንና እዩ። ክትንተንን ክዘርዘርን ከሎ ኣዝዩ ብዙሕን ሰፊሕን እዩ። ገለ ካብቲ “ፍልልያትና” ከኣ ብፍልጠትና

> **ከም ኣብ ኵሉ ዘመን ፡ ኣብ ዘመንናውን ሰላም ዚመስል ግን ከኣ ሰላም ዘይኰነ ፡ እተሰነዐ ሰላም ኣሎ።**

፣ ብኽእለትና ፣ ብምርጫታትና ፣ ብኣረኣእያና ፣ ብዓላማና ፣ ብህያባትና ፣ ብሸቶታትና ፣ ብትጽቢታትና ፣ ብተገዳስነትና ንፈላለ ኢና። ኣቦና ዳዊት ነቲ ብሉጽ ጥበብ ኣምላኽ ኣብ ኣፈጣጥራና ምስ ኣስተንተነ ከምዚ ብምባል ገለጾ፦

> *"ንኹላሊተይ ንስኻ ፈጢርካየን ፣ ኣብ ከርሲ ወላዲተይ ኣሊምካኒ ፣ መስተንክርን ድንቅን ጌርካ ፈጢርካኒ ኢኻ እሞ ፣ ከማስወካ እየ ፣ ግብርታትካ መስተንክር እዩ ፣ ነፍሰይውን ኣጸቢቓ ትፈልጦ. . " (መዝ 139:13-18)።*

ሙብዛሕትኦም ፍልልያትና ካብ መበቆሎም ቅትዓት ወይ ግጉያት ክንብሎም ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ ብእግዚኣብሄር ኣምላኽ እተዋህቡና ናይ ብዙሕነትና ናጻ ውልቃዊ ሕርያታትና መርኣያ ስለ ዝኾኑ። ብዙሕነትና እግዚኣብሄር ዝዓደለና ፣ በቲ ዘይምርመር ኣእምሮኡ ዝመኸረልና ዝበለጸ ምኽሪ እዩ። ዝኾነ ሰብ ድማ እቲ እተዋህቦ እምበር ዘይተዋህቦ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። እቲ ሰብ ዘይተዋህቦ ክነሱ ግን ከምቲ ንስኻ እትደልዮ ዘሎኻ ኪኹነልካ እንተ ተጸቢኻዮ ፣ ወይውን ከምቲ ንስኻ ዝደለኻዮ ምእንቲ ኪኸውን ኢልካ ጸቕጢ እንተ ገበርካሉ ፣ ምስኡ ጥራይ ዘይኮነ ምስቲ ልኡላውን ወሃብን ፈጣርን ኵሉ ዝኾነ ኣምላኽ ኢኻ እትበኣስ ዘሎኻ። ንስድራ ቤትና ከም ኣብነት እንተ ርኣናዮም ነዚ ሓቂ እዚ እዮም ዜብርሁ።

> **ኣብ ወንጌል ክርስቶስ መጺእካ "ኪተዓረቕ ዘይክእል" ግርጭት የሎን።**

እምበኣርከስ ኣብ ክንዲ ግርጭት ከም ዘይህሉ ክትገብር ክንቱ ጻዕሪ ምጽዓርን ፣ ኵሎም ምስቲ ናትካ ሓሳብ ኪሰማምዑ ምስግዳድን ፣ ነቶም ንነገራት ብዝተፈላለየ ዚርእዩ ኣሕዋትካን ንብዙሕነት ፍጥረት ኣምላኽን ክትሕጉሶሉን ክትቅበሎን እቲ ዝበለጸን እንኮን ኣማራጽን ምዃኑ ክትርዳእ ይግባእ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ንሓድሕኻ ምቕብባል ዝበል መንፈሳዊ ሓሳብ ኪገልጾ ከሎ ከምዚ ይብል፦

> *"ግናኸ ሓቢርኩም ብሓደ ኣፍ ኴንኩም ንኣምላኽ ፣ ንሱ ኸኣ ኣቦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፣ ምእንቲ ኽተኽብሩሉ ፣ እቲ ናይ ትዕግስትን ምጽንናዕን ኣምላኽ ኣብ ንሓድሕድኩም ፣ ከምቲ ናይ ክርስቶስ ኢየሱስ ጌርኩም ፣ ሓደ ሓሳብ ክትሓስቡ ይሃብኩም። ክርስቶስ ነቲ ተስፋ ኣቦታት ኬጽንዖ ፣ ምእንቲ ሓቂ ኣምላኽ ኣገልጋሊ ግዝረት ከም ዝኾነ ፣ እብል ኣሎኹ። ስለዚ ድማ ፣ ከምቲ ክርስቶስ ንኽብሪ ኣምላኽ እተቐበለኩም ፣ ንሓድሕድኩም ተቐባበሉ" (ሮሜ 15:5-8)።*

ስለዚ ብዙሕነት ጽቡቕን ፍቓድን ስራሕን ናይ ኣምላኽና ምኳኑ ንረዳእ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ ንሰብ ቈረንቶስ ምስ ውህበታት መንፈስ ቅዱስ ኣተኣሳሲሩ ኪገልጸሎም ከሎ እቲ ስጋ ሓደ ምኳኑ እቲ ኣካላት ግና በበይኑ ከም ዝኾነ ፡ በበይኑ ምኳኑ ግን ንዝበለጸ ውጽኢት ዘለዎ ዕዮ ምእንቲ ኪዕየ ተባሂሉ ብኣምላኽ እተነድፈ ንድፊ ምኳኑ እዩ ዜብርህ (1ቈረ 12:21-31)።

ብመንጽር እግዚኣብሄር ክንርእዮ ከሎና ብዙሕነትና ጠንቂ ናይ ሽግራትና ኪኾኑ ኣይክእሉን እዮም። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ ንጽቡቕናን ሓይልናን ብቕዓትናን ዚውስኹ ምኳኖም ኢና ንርዳእ። ግን ሓደ ግድን ኪሕተት ዘለዎ ከኣ ኣሎ። እዚ ኹሉ ንርእዮ ዘሎና ግርጭታት ካብቲ ዘሎ ናይ ኣረኣእያን ኣተሓሳስባን ፍልልያት ይመጽእ ከም ዘሎ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ስለዚ ነዛ “ፍልልያትና መኣስ እዮም ጠንቂ ግርጭት ዝኾኑ ፧” እትብል ሕቶ ብቑዕ መልሲ ኪህልወና ብግዲ እዩ። እቲ ንጹር ዝኾነ ጠንቂ ምስ ፈለጥናዮ ኸኣ ፡ ነቲ ጠንቂ ብምእላይ ፍታሕ ከነምጽእ ይግባኣና እዩ።

ሰብ በቲ ዘለዎ ፍሉይነት ኣናመለኽን ናይ ካልኦት እናጓዕጸጸን ኪኸይድ እንተ ጀሚሩ ግርጭት ኪላዓል ብግዲ እዩ። እዚ ከምዚ ዝዓይነቱ ውሸጣዊ ድርኺት ፡ ናይቲ መሊኹ ጥራይ ኪረአ ዚደሊ ሰብ ፡ ቃል ኣምላኽ “ትምኒት” ኢሉ እዩ ዚገልጾ። እዛ ትምኒት እዚኣ ካብ ጽቡቕ ድላይ ተበጊሳ እትገልጻ ባህጊ ዘይኮነትሲ ፡ ዝያዳ ምስ ሓጢኣት እትተኣሳሰርን እንኮ ምኽንያት ናይቲ ኪሰዕብ ዝኽእል ግርጭትውን እያ። ሰብ ብፍትወት ስጋ እንተ ተገዚኡ ፡ ኣብ ኵሉ ህይወቱ ከኣ እቲ ናቱ ድሌትን ምርጫን ጥራይ ኪቕድም ዚመርጽን ዜገድድን እንተ ኾይኑ ፡ ናተይ ዝብል ስምዒት እንተ ደኣ ኣለዎ ኰይኑ ኣብ ጸገም እዩ ዘሎ። ንብጻዩ ኸኣ ከቢድ ፈተና እዩ። ምኽንያቱ እቲ ብጻዩ ዋጋ ብምኽፋል እተጸገወ ሰብ እንተ ኾይኑ ፡ ንፍቓዱ ዝሞተ ሰብ ንፍቓድ ኣምላኽ ከኣ ብህይወት ኪነብር ዚወስነ እንተ ኾይኑ ብሰላም ኪነብሩ ይኽእሉ እዮም። እቲ ብጻዩ ከምኡ ዝዓይነቱ ዝምባለ እንተ ኣለዎ ኰይኑ ግን ነቲ ሓዳር ናብ ከቢድ ነውጺ ኬእቱ ዚኽእል ምርጫታት ኪመርጹ ንቡር እዩ። ስለዚ ድማ እዩ እዚ ኹሉ ፍትሕ ዝረአ ዘሎ። ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ እዚ ጠንቂ ግርጭት ዝኾነ ፍትወት ስጋ ብንጹር ከምዚ እዩ ዝብለና ፦

> *“እቲ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ ውግእን ባእስን ካበይ እዩ ዚመጽእ ዘሎ ፧ ካብቲ ኣብ ኣካላትኩም ኰይኑ ዚዋጋእ ዘሎ ፍትወት ስጋኹም ደይኮነን ፧ ትምነዩ እሞ የብልኩምን ፡ ትቐትሉን ትቐንኡን እሞ ሓንቲ እኳ ኽትረኽቡ ኣይከኣለኩምን እዩ ፡ ትበኣሱን ትዋግኡን ኢኹም ፡ ስለ ዘይለመንኩም የብልኩምን” (ያእ 4:1-2)።*

ጠንቂ ናይቲ ኣብ ሰብ ዘሎ ግርጭት ብዓቢዩ እኳ ሰይጣን እንተ ኹነ ፡ ንሕናውን ከም ሰብ መጠን ሓላፍነትን ተሓታትነትን ኣሎና። ንሱ ኸኣ ነቲ ኣብ ግርጭት ኪኣቱን ኣብኡ ኸኣ ኪንነብርን ዚድርኸና “ፍትወት ስጋና” ፍጹም ዝኾነ ውግእ ክንዋግኣ ግቡእናን ሓላፍነትና እዩ። እዚ ክንገብር እንተ ዘይኪኢልና ግና ፡ እቲ ዘሎና ዕጫ ንጹርን ዘየጠራጥርን እዩ። ንሱ ኸኣ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ሰላም

ኣምላኽ ዝረሓቐና ኣብታ ትመጽእ ህይወት ከኣ ናይ ዘለኣለም ሞት እያ። ስለዚ ኣብዛ ምድርን ኣብታ መጻኢት ህይወትን ዕጫና ምእንቲ ኪጽብቐልና ነዚ ቓል እዚ ነስተውዕሎ ፦

> *“ሓንቲ እኳ ንርእሰይ ይጥዓመኒ ብምባል ወይስ ንውዳሴ ኸንቱ ኣይትግበሩ ፡ ብትሕትና ግና እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ኻብ ርእሱ ኣብሊጹ ይርኣዮ። ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ድማ እምበር ፡ ነፍሲ ወከፍ ንርእሱ ዚሔሾ ኣይጠምት። እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝነበረ ሓሳብ ኣባኻትኩምውን ይሃልኹም” (ፊሊ 2:3-5)።*




ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ ካብ “ኣነ ፣ ናተይ ፣ ንኣይ” ዝብል ኣተሓሳስባ ወጺኡ ክርስቶስ ዚብህጎ ሓሳብ ኪሓስብ ይግብኦ እዩ (ዮሃ 17:4, 1ቈረ 2:15, 10:31, ሮሜ 15:5, 6, ኤፌ 4:22-24, 1ጴጥ 2:21)። ብዛዕባ እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝነበረ ሓሳብ ክንሓስብ ከሎና ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ነገራት ከነተኩር ክንፍትን ኢና ፦

1. <u>**ንኣይ ይጥዓመኒ ዘይምባል**</u> ፦ ኵሉ ክብረቱን መሰሉን ገዲፉ።
2. <u>**ትሕትናን ምቑልልነትን ተዓጢቑ**</u> ፦ ሰብ መሲሉ ፡ መልክዕ ባርያ ወሲዱ ፡ ትሕትናኡ ክሳዕ ሞት እዩ በጺሑ።
3. <u>**ንኹሉ ኣገልጊሉ**</u> ፦ ክርስቶስ ዋጋ ዘይከፈለሉ ሰብ የሎን። *“ወዲ ሰብ ድማ ፡ ኪገልግልን ህይወቱ ምእንቲ ብዙሓት በጃ ኺሕልፍን እምበር ፡ ኪገልግልዎ ኢሉ ኣይመጸን” (ማቴ 20:28)*።

እዘን ክርስቶስ ዘርኣየና ዓበይቲ ቅዱ ህይወት ኣብ ህይወትና ማዕረ ኽንደይ ተተኺለንን ፈርየን ምህላወን ክንፍትሽ ኣገዳሲ እዩ። ካበይ ናበይ እዩ ወሪዱ ፤ እንታይ እዩ ገዲፉ ፤ ንሕና ኸኣ እንታይ ንገድፍ ከም ዘሎና ቅድሚ ንሱ ንህይወትና ምሕታቱ ባዕላትና ንሕተታ።

ልዕሊ እቲ ካብ ውልቃዊ ድልየታትና እንረኽቦ ካብ ቃል ኪዳን ዚርከብ ረብሓ ይዓዝዝ። ምኽንያቱ ዋጋ ቃል ኪዳን ልዕሊ ዋጋ ዝኾነ ብውልቅና እንደልዮ ድልየታት ስለ ዝኾነ። ቃል ኪዳን ወይ ከኣ ሓዳር

እግዚኣብሄር ዚተኸሎ ቅዱስን ሰማያውን ስርዓት ኣምላኽ እዩ። ዋጋኡ ብኣእምሮ ሰብ ወይ ከኣ ብምድራውን ሓላፍን ዕድላት ዚትመን ኣይኰነን። ምስጢር ቃል ኪዳን ክሳዕ ክንድዚ ክብሪ ዘለዎ ስለ ዝኾነ ድማ እዩ ፣ ሃዋርያ ጳውሎስ ብክርስቶስን ማሕበሩን ገይሩ ዚመስሎ (ኤፌ 5:22, 23)። ነዚ ብሉጽ ኣብነት ዝኾነና ኤልቃና ንሃና ዝበላ እዩ። ሃና ውላድ ብዘይ ምውላዳ ኣብ ጓሂ ከም ዝነበረት ስለ ዝረኣየ ፣ ኬጸናንዓ ኢሉ ካብ ውሽጡ ልቡ ዝበላ ቃል እዩ “ሸዑ ኤልቃና ሰብኣያ ፣ ሃና ፣ እንታይ ኴንኪ ኢኺ እትበኽዪ ፧ እንታይከ ዄንኪ ዘይትበልዒ ፧ እንታይ ኴንክስ ልብኺ ጕህዩ ኣሎ ፧ ካብ ዓሰርተ ውሉድ ኣነዶ ኣይሕሸክን ፧ በላ” (1ሳሙ 1:8)። እቲ ኣምላኽ ዝሃበካ ደጋፊ ልዕሊ ውላድ ደኣ እዩ እምበር ትሕቲ ወይ ማዕረ ውላድካ ኣይኰነን። ምኽንያቱ ውላድ ውጽኢት ናይቶም ሓደ ስጋ እዮም እተባህሉ ሰብኣይን ሰበይትን እዩ። ውላድ ድሕሪ ቃል ኪዳን እዩ። ማለት ድሕሪ ኣቦን ኣደን እዩ። ኵሉ ደረጃኡ እንተ ሓዘን እንተ ሓለወን እዩ ኣምላኽ ዚኹብር ሰብውን ዚባረኽ። ካብ ገንዘብን ጥሪትንውን ውላድ ማዕረ ኽንደይ ከም ዝኹብር ካብቲ ኣቦ ነቲ ጥፉእ ወዱ እሞ ዳግም ዝረኸቦ ከነስተውዕል ንኽእል ኢና። እቲ ጥፉእ ወዲ ብዓቢዩ ንህይወቱ ብድሕሪኡ ኸኣ ንገንዘብ ኣቦኡ እዩ ኣጥፊኡ። እቲ ኣቦ ንወዱ ምስ ረኸቦ ግን ብዛዕባ ገንዘብ ፈጺሙ ኣይተራእዮን ፣ ንወዱ ብደሓንን ብህይወቱን ጥራይ ምርካቡ ኣዝዩ እዩ የሐጕሶዎ። ምኽንያቱ ክብሪ ህይወት ሰብን ክብሪ ገንዘብን ፈጺሙ ስለ ዘይዛመድ (ሉቃ 15:21-32)። ኣቦና ኣብርሃምውን ንሎጥ ተመሳሳሊ ሓሳብ እዩ ተዛሪብዎ። ንሕና ኣሕዋት ኢና። ሕውነትና እዩ ዜገድስ። እቲ ዜገድስ ጓሶትና ወይውን ኣባጊዕና ኣይኰኑን ኢሉ ምምላሱ ነቲ ጕዳይ ብሰላም ከም ዝዓርፍ ጌርዎ እዩ። እዚ ኸኣ ማዕረ ኽንደይ ኣምላኽ ንኣእምሮ ኣብርሃም ከም ዝባረኾ ዜርኢ ፍጻሜ እዩ (ዘፍ 13:8)።

ስለዚ ብሓፈሻ ከም ሰብኣይን ሰበይትን ተገዛዚእናን ተፋቒርናን ምእንቲ ክንነብር ፣ ቅድም ምስቲ ባዕሉ ንገዛእ ርእሱ ሓቅን ፍቕርን ዝኾነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንጥበቕ። እዚ ናይ ክልቴና ምስ ኣምላኽ ንጡብቆ ምጥባቕ ፣ ኣብ መወዳእታ ናትና ምጥባቕ ኪፈጥር ብግዲ እዩ። ርክብና ኣቐዲሙ ምስ ኣምላኽ ከይጸበቐ ግን ርክብና ምስ መጻምድትና ይኹን ምስ ካልእ ሰብ ፈጺሙ ኪጽብቕ ኣይክእልን እዩ።

ስለዚ ኣብ ህይወት እቲ ዚዓበየን ዚበለጸን ርድኢት “**ሓሳብ ሓወይ ወይውን ሓሳብ ሓፍተይ ካብ ናተይ ኣዝዩ ይበልጽ**” ምባል እዩ። እዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ኪዕወት ብግዲ እዩ። ናይ ሓሳባት ፍልልይ እናሃለዉ ክነሶም ግን ከኣ ብቕዱስ ህይወት ምንባር ክትለምዶ ይግብኣካ እዩ። እቲ ብኣእምሮ ብጹሕ ወይ ብሱል ምኻን ከኣ እዚ እዩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ብዛዕባዚ ኪዛረብ ከሎ ከምዚ ኢሉ ኣሎ ፦

> *“ኣቱም ሰብኡት ፣ ጸሎትኩም ምእንቲ ኸይዕገት ፣ ከም ምስ ድኻምቲ ፍጥረት ፣ ከም መዋርስትኹም ንጸጋ ህይወት ጌርኩም ኣናኽበርኩምወን ፣ ከምኡ ምስ ኣንስትኹም በእምሮ ንበሩ” (1ጴጥ 3:7)።*

እቲ ብምስትውዓል ምንባር ዚብል ንሰብኡት ጥራይ እተዋህበ ውህበት ወይውን ሓላፍነት ኣይኰነን። ኣንስቲውን ብተመሳሳሊ እግዚኣብሄር ሓላፍነት ከም ዝሃበን ቃል ኣምላኽ ከምዚ ዚስዕብ ይብል ፦

> *"ነተን ናእሸቱ ኣንስቲ ኸኣ ፡ እቲ ቓል ኣምላኽ ምእንቲ ኸይጸረፍሲ ፡ ንሰብኡተንን ውሉደንን ኪፍቅራ ፡ ነፍሰን ዚቐጽዓ ንጹሃት ፡ ቤተን ዚኣልያ ፡ ሕያዎት ፡ ንሰብኡተን ዚእዘዛ ኪኾና ኺለብማኤን ምዓደን" (ቲቶ 2:4)።*

## 2.2. <u>ድኻም ናይ ምብህሃል ወይ ሕጽረት ናይ ሓሳብካ ምግላጽ</u>

ሰባት ሓሳቦም ከም ዚግባእ ጌሮም ሰኣን ምቕራቦም ዚፍጠር ግርጭት ቀሊል ኣይኰነን። እኳ ደኣ እቲ ዝበዝሐ ጠንቂ ግርጭት እዚ ኹይኑ እዩ ተረኺቡ ዘሎ። እቲ ጸገም ብወገን እቲ ተዛራቢ ጥራይ ዘይኰነስ ብወገን እቲ ሰማዒውን እዩ። እቲ ዚሰምዕ ተገዲሱ ፡ እዝኑ ጥራይ ዘይኰንስ ልቡውን ብምቕላብ እንተ ዘይሰሚዑ ወይውን ዝደለኻዮ ጥራይ ትሰምዕ እንተ ኼንካ ፡ ሰላም ኪመጽእ ኣይክእልን እዩ። ንጉሰ ሰሎሞን ብዛዕባ ተዛራብን ሰማዕን ኣመልኪቱ ከምዚ ኢሉ ተዛሪቡ ኣሎ ፦

> *"ንትሰምዕ እዝንስ ጥበበኛ ገሳጺ ኸም ቀለቤት ወርቅን ከም ሰልማት ጽሩይ ወርቅን እዩ" (ምሳ 25:12)።*

ኣብ ምብህሃል ማለት ኣብ ተዛራብን ሰማዕን ዚሓልፍ ጊዜ ክልቲኦም ኪርብሕሉ እንተ ኾይኖም ፡ እቲ ዚዛረብ ዘሎ ጥቡብ ዘለዎ ዘረባ ኪዛረብ ፡ እቲ ዚሰምዕ ዘሎ ሰብውን ተጠንቂቑ ኪሰምዕ ይግባእ። ሸዑ እዩ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዚኹብር ሰይጣን ከኣ ዚሓፍር እሞ ነስተውዕል ደኣ። ኣብ ምብህሃል ክንስዕቦም ዘሎና ብዙሓት ኣገደስትን ሃነጽትን ዝኾኑ መምርሒታት ኣለዉ። ገለ ሒደት ካብኦም እዞም ዚስዕቡ እዮም ፦

1. **<u>ጽቡቕ ወይ ቅኑዕ ጊዜ ምረጽ</u>** ፦ እዚ ጊዜ እዚ ቁልዑ ኣብ ዘይብሉ ኪኸውን ይግባእ። ከምኡውን ኵነታት ሰምዒት ናይቲ ሰብ ምንባብውን ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ኣዝዩ ሓሪቕሉ ወይ ተቐጢዕሉ ኣብ ዘለወሉ ጊዜ ምዝራብ ነቲ ጉዳይ መሊሱ ዜጋድድ ኪኸውን

> **እቲ ምሉእን ፍጹምን ፍቓድ ኣምላኽ ፡ ኣባና ዘሎ ሰላም ኣምላኽ ጥራይ ክንዕቅብ ዘይኰነስ ፡ ኣብቲ ሰላም ዘይብሉ ኣቲናውን ሰላም ክንገብር እዩ ።**

ዓቢይ ተኽእሎ ስለ ዘለዎ ፡ እቲ ኣዝዩ ተመራጺ ህድኣ ኣብ ዝበለሉ ጊዜ ምኳኑ ምስትውዓል ኣገዳሲ እዩ። ኣዚና ክንድንን ከኣ ጽቡቕ ዘይምኳኑ ክንዝክር የድሌና እዩ።

*"ብግቡእ ጊዜ እተዘርበ ቓል ከም ሮማን ወርቂ ኣብ ጻሕሊ ብሩር እዩ" (ምሳ 25:11)።*

2. **<u>ጽቡቕ ወይ ቅኑዕ ቃላት ምረጽ</u>** ፦ ቃላት ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። ምኽንያቱ ብቓላት ኢኻ እትሃንጽ ፡ ብቓላትውን ኢኻ እተፍርስ። እዚ ምኳኑ ተገንዚብና ኣብ ንዛረቦ ዘረባ ጥንቃቐ ከድሌና እዩ። ኣብዚ ጥንቃቐ እንተ ኣጕዲልና ግና ንሃንጽ ዘሎና ኲይኑ ኣብ እተሰማዓና ነፍርስን ነበላሹን ምህላውና ክንፈልጥ ይግባእ።

   *"ንነፍሲ ወከፍ ከም ዚግባእ ከመይ ጌርኩም ክትመልሱ ምእንቲ ኽትፈልጡ ፡ ዘረባኹም ብጨው እተቐመመ ኵሉ ሳዕ ብጸጋ ይኹን" (ቈሎ 4:6)።*

3. **<u>ብህድኣት ተዛረብን ስማዕን</u>** ፦ ህድኣት ኣብ ምብህሃል ዘለዎ ዋጋ ኣዝዩ ረዚን እዩ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኵነታት ዘረባኻ ብህድኣት እንተ ዘይተሰንዩ ካብ ትሃንጾ ተፍርሶ ነገር ኪበዝሕ ብግዱ እዩ። ብመሰረቱ ህድኣት ባህርይ ናይ እግዚኣብሄር እዩ። ብተመሳሳሊውን ክንሃድእ ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ። ምኽንያቱ ህድእ በሉ እሞ ኣነ ኣምላኽ ምኳነይ ኣስተብህሉ ዝብል ጽሑፍ ስለ ዘሎ (1ነገ 19:11-13, መዝ 46:10)።

   *"ብትሕትና ዘበለን ብለውሃትን ብህድኣትን ንሓድሕድኩም ብፍቕሪ እናተጻወርኩም ፡ ነቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ጌርኩም ክትሕልውዎ ፡ ተጋደሉ" (ኤፌ 4:2, 3)።*

4. **<u>ብኣኽብሮት ተዛረብ</u>** ፦ ሰብ ክቡር ፍጥረት ኣምላኽ እዩ እሞ ክትዛረቦ ከሎኻ ኣኽብሮት ይሃልኻ። ኣብዚ ገለ ካብቲ ክንስተውዕሎ ዘሎና ነጥብታት ከኣ ፡ ዓቐን ናይቲ ነድምጾ ድምጺ ኪብርትዕ የብሉን ፡ ገጽና እሱር ኪኸውንውን ጽቡቕ ኣይኰነን ፡ ኣካላትናውን ነቲ ዘሎና ቑጠዐ ክንቈጻጸሮ እንተ ዘይ ኪኢልና ናቱ ዝኾነ ጕዳኢ ቋንቋን መልእኽትን ስለ ዘለዎ ምግታእ ርእሲ ዚሓትት እዩ።

ብሓፈሻ እንዛረቦ ዘረባ ማለት ምብህሃልና ርዝነት ዘለዎን ኣብ ኣምላኽ ከኣ ቅቡል ዝኾነን ኪኸውን ይግብኦ። ክቡር ሰብ ግና ክቡር ሓሳብ ይሓስብ ፡ ኣብ ክቡር ነገር ከኣ ይጸንዕ ተባሂሉ ከም እተጻሕፈ ፡ ዘረባና ኪጥዒ እንተ ኾይኑ ቅድም ቀዳድም ሓሳብና እዩ ኪጥዒ ዘለዎ። ምኽንያቱ ምንጪ ናይቲ እንዛረቦ ዘረባ እቲ ኣእምሮና ዚሓስቦ ሓሳብ ስለ ዝኾነ። ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ እዚ ሓሳብ እዚ ከምዚ ይብለና (ኢሳ 32:8, ማቴ 12:34, ሉቃ 6:45, 1ጢሞ 3:11, ኤፌ 4:29, ምሳ 10:32, 15:4) ፦

*"ብዝተረፈስ ፡ ኣሕዋተየ ፡ ሓቂ ዘበለ ፡ ርዝነት ዘለዎ ዘበለ ፡ ቅኑዕ ዘበለ ፡ ንጹህ ዘበለ ፡ ተፈታዊ ዘበለ ፡ ጽቡቕ ወረ ዘለዎ ዘበለ ፡ ገለ ደግነት እንተ ኾይኑ ፡ ገል ንእዶውን እንተ ኾይኑ ፡ ብእኡ ሕሰቡ" (ፊሊ 4:8)።*

## 2.3. <u>ብጌጋ ምርዳእ ወይ ብጌጋ ምትርጓም</u>

እዚ ጌጋ እዚ ንብዙሓት ሰባት ዜጥቅዕ ዘሎ ኣዝዩ ከፉእ ሕማም እዩ። ኣእምሮና ኣብ ክንዲ ቅኑዕ ዝኾነ ሓበሬታ ኣኪቡ ኪሓስብን ኪውስንን ዚኽእል ፡ ግጉይ ዝኾነ ሓበሬታ ብምእካብ ግጉይ ዝኾነ ውሳኔ ብምውሳን ኣብ ከቢድ ውድቀት ዜእቱ መጻወዲያ ናይ እቲ ከፉእ ሰይጣን እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ጊዜ ፡ ተመኩሮታትካ ብዛዕባ እቲ ሰብ እቲ ዘይጽቡቕ እንተ ኾይኑ ናይ ሕጂ ህይወቱ እንታይ እዩ ብዘየገድስ ኣእምሮኻ ብኽፉእ ነገራት ጥራይ እዩ ዚመልእ። ብዛዕባ እቲ ሰብ እቲ ጽቡቕ እንተ ኾይኑ ኸኣ ናይ ሕጂ ህይወቱ እንታይ እዩ ብዘየገድስ ኣእምሮኻ ብጽቡቕ ነገራት ጥራይ እዩ ዚመልእ። እዚ ከምዚ ዝዓይነቱ ኣናብባ ካብ ጐይታ ኣይኮነን።

ደቂ እስራኤል ዚገበርዎ ጌጋ ሓደ ንጹር ኣብነት እዩ። እቶም ዓሰርተ ነገድ ኣብ ልዕሊ እቶም ካልኦት ነገድ ማለት ነገድ ሮቤልን ጋድን ፍርቂ ምናሴ ዚወሰድዎ ስጉምቲ እዩ። እዞም ክልተ ነገድን ፈረቓን ንእግዚኣብሄር ምእንቲ ኬመስግኑ ኢሎም ዚሰርሕዎ ሓወልቲ ፡ እቶም ካልኦት ግን ብጌጋ ስለ እተረድእዎ ፡ ውግእ ኪኸፍትሎም እዮም ወሲኖም። ብረድኤት ኣምላኽ ግን እቲ እተሰርሐ ሓወልቲ ዕላማኡ ንጣኦት ንምምላኽ ዘይኮነስ ንኣምላኽ ንምኽባር ምዃኑ ድሒሮም ምስ ተረድኡ ካብ ውግእ ደሓኑ (ኢያ 22:9-34)።

## 2.4. <u>ትጽቢታት</u>

> **ልዕሊ እቲ ካብ ውልቃዊ ድልየታትና እንረኽቦ ካብ ቃል ኪዳን ዚርከብ ረብሓ ይዓዝዝ።**

ሰብ ኣብ ዝኾነ ይኹን ሓድሽ መድረኽ ኪኣቱ ከሎ ንኣብነት ፡ ኣብ ትምህርቲ ጸኒሑ ናብ ስራሕ ዓለም ኪኣቱ ከሎ ናቱ ዝኾነ ትጽቢት ከም ዘለዎ ፡ ካብ ሓደ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ንርዱእ ዕላማ ኪቕይር ከሎ ናቱ ትጽቢት ከም ዘለዎ ፡ ካልኦትን ዘርዚርካ ዘይውድኡ መድረኻት ህይወት እንተ ርኢናዮም ናቶም ዝኾኑ ትጽቢት ኣለዎም። ዘይተመርዓወ ሰብ መርዓ ኪሓስብ ከሎን ናብ ሓዳር ኪኣቱን ከሎ ናቱ ዝኾነ ትጽቢት ኣለዎ። እዚ ትጽቢት እዚ ከይተማልአ ምስ ዚተርፍ ግርጭት ኪላዓል ዳርጋ ብግዲ እዩ ኪበሃል ይከኣል። እቲ ገሊኡ ትጽቢት ንቡርን ግቡእን ትጽቢት ኪኸውን ከሎ ፡ እቲ ገሊኡ ግን ዘይንቡሩን ክውንነት ዘይብሉን ትጽቢት እዩ። ኣየናይ ዓይነት ትጽቢት እዩ ዘሎካ ብዘየገድስ ፡ ትጽቢትካ ኣብቲ ዝኣተኻዮ ሓዳር እንተ ዘይረኺብካዮ ፡ ግርጭት ኪላዓል ትጽበዮ ነገር እዩ። እዞም ዘይተፈጸሙ ትጽቢታት ንህይወት ሰብ ብሰላሕታ ዚቐትሉ መርዛማት እዮም። ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ኣዞም ትጽቢታት እዚኣም ከምዚ ይብል ፦

*“ነዊሕ ትጽቢት ንልቢ የማህምኖ ፡ እተፈጸመ ድሌት ግና ኦም ህይወት እዩ” (ምሳ 13:12)።*

ኣብዚ ክንርድኦ ዝግበኣና መሰረታዊ ሓቂ ኣሎ ፡ ንሱ ኸኣ ከም መንፈሳውያን ሰባት መጠን ትጽቢትና ኣብ ኣምላኽ ደኣ እምበር ኣብ ሰብ ኪኸውን ከም ዘይብሉ እዩ። እቲ ትጽቢቱ ኣብ ሰብ ዚገብር ሰብ ፡ ኣብ ግርጭት ኪኣቱ ብግዲ እዩ። ምኽንያቱ ሰብ ዝገበረ እንተ ገበረ ንትጽቢትካ ኬዐግብ ብቕዓት ስለ ዘይብሉ። እቲ ትጽቢቱ ኣብ ኣምላኽ ዚገብር ሰብ ግን ፡ ካብ ኣምላኽ ፡ ኣብቲ እቲ ሰብ ዚመደቦ ዘይኮነስ ኣብቲ ኣምላኽ ዚመደቦ ጊዜ ከም ዝረክብ ስለ ዝኣምን ኣብ ግርጭት ዚኑብረሉ ምኽንያት የብሉን። ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ዚጸበዮ ትጽቢት እኳ እንተ ዘይተማልአ ልዕሊ ኹሉ ምልኣቱ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ ሰላም ኣምላኽ ዚገዝኦን ዚተቈጻጸሮን ባርያ ኣምላኽ ኩይኑ እዩ ምድራዊ ዘመኑን ጕዕዞኡን ዚድምድም። በዚ መደምደምታን መሳገርን ኣቢሉ ከኣ እዩ ብሰላም ናብታ ሰማያዊትን ዘለኣለማዊትን ቤቱ ዚግዕዝ (ኤር 17:5-8)።

## 2.5. ድሩት ትሕዝቶ

ትሕዝቶ ክንብል ከሎና ፡ ጊዜ ኪኸውን ይኽእል እዩ ፡ ወይውን ገንዘብ ወይውን ካልኦት ዕድላት ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም። ሰብ በቲ ኬጋጥሞ ዝኽእል ድሩት ትሕዝቶ ኣብ ግርጭት ኪኣቱ ይኽእል እዩ። እቲ ኣዝዩ ዚገርም ግን ብምኽንያት ሕጽረት ናይ ትሕዝቶ ጥራይ ዘይኮነስ ብምኽንያት ብዝሒ ትሕዝቶውን ኣብ ግርጭት ዚኣቱ ምኳኑ እዩ። ምኽንያቱ ሰይጣን ንሰብ ብሰሰዐ ስለ ዜጥቀዖ። ሰባት ብዛዕባ ጥሜትን ጽጋብን ኪዛረቡ ከለዉ ፡ ጥሜት ንሳ ከም እትጸረካ ኪገልጽዋ ከለዉ ጽጋብ ግና ንስኻ ኢኻ ክትጾራ ዘሎካ ይብሉ። ስለዚ እቲ ንስኻ ክትጸሮ ዚግበኣካ ጾር እንተ ዘይጼርካዮ ፡ ባእሰን ካልእ ከቢድ ሳዕቤናት ናይ ህይወትን ኬሰዕበልካ ምኳኑ ርዱእ እዩ።

ጓሶት ኣብርሃምን ጓሶት ሎጥን ብሓደ ኪኑብሩ ዘይምኽኣሎም ዜገርም እዩ። ብዝገለጽናዮ ንግለጾ እንተስ ብሕጽረት እንተስ ብጽጋብ ፡ ብዝኾነ ኩይኑ ግን ኣብ ግርጭት ኣትዮም። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ብሓደ ክነብሩ ክሳዕ ዘይክእሉ ተፈላለዩ። እቲ ትውክልቱ ኣብ ኣምላኽ ዝኾነ ኣብርሃም ዝወሰዶ ምርጫ ከኣ ኣዝዩ ደስ ዜብል ነበረ። ንኣይ ይጥዓመኒ ከይበለ ቀዳምነት ንሎጥ ምሃቡ ዜገርም ግትኣት ርእሲ እዩ። ናይ ኤሳውን ያእቆብንውን ተመሳሳሊ ጸገም እዩ ነይሩ (ዘፍ 13:1-12, 36: 6-8)።

ከም መጠን ክርስቲያናት ብዛዕባ እቲ ዘሎና ትሕዝቶ መጠኑ ብዘየገድስ ኣዚና መመስገንቲ ክንከውን ይግብኣና። ንውሑድ ዜብዝሕ እግዚኣብሄር ምኳኑ ኣይንረስዕ። ዘይብልናን ዘይተዋህበናን ዘይኮነስ ዘሎናን ዝተዋህበናን ንርአ እሞ ሽዑ ልብና ብምስጋና ኪመልእ እዩ። ግርጭት ከኣ ፈጺሙ ኣይኪህሉን እዩ። እቲ ዘሎና ብዙሕ ትሕዝቶውን ካባና ዘይኮነስ ካብ ኣምላኽ ምኳኑ ፈሊጥና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ትሕት ብምባል ንሰባት ነገልግለሉ ፡ ንኣምላኽ ከኣ ነኽብረሉ። ኣብ ዝሃለና ናይ ትሕዝቶ ጫፋት ንሃሉ

ብዘየገድስ ፣ ካብቲ ምስ ትሕዝቶ ዚተኣሳሰር ግርጭት ሓራ ኣብ ምውጻእ ኪሕግዘና ዚኽእል ቃል ኣምላኽ ግና ኣሎና። ካብቲ ብዙሕ ሒደት ከኣ እዞም ዚስዕቡ እዮም ፦

*“ካብ ካልኦት ዘብለጸካ መን እዩ ፧ ዘይተቐበልካዮ'ኸ እንታይ ኣሎካ ፧ ተቐቢልካ ኻብ እትኸውን ግና ስለምንታይ ከም ዘይተቐበልካ ኼንካ እትኸብር ፧” (1ቈረ 4:7)።*

*“ትሕት ምባል እፈልጥ ፡ ሕልፍን ትርፍን እፈልጥ እየ። ጽጋብን ጥሜትን ምስ ትርፉ ምህላውን ስእነትን ፡ ኣብ ኵሉን ብዅሉን ልሙድ እየ። በቲ ሓይሊ ዚህበኒ ንዅሉ እኽእሎ እየ” (ፊሊ 4:12, 13)።*

## 2.6. <u>**ጽኑዕ ዕርድታት**</u>

እዞም ኣቐዲምና ዝረኣናዮም ሓሙሽተ ዝኾኑ ጠንቂ ግርጭታት ዜመሳስሎም ባህርይ ኣለዎም። ንሱ ኸኣ ብኣእምሮ ክትሓስቦም ከሎኻ ከም ንቡር ኪውሰዱ ዚኽእሉ ምዃኖም እዩ። ንሱ ጥራይ ግን ዘይኮነ ንኣፈታትሓኦም ዝምልከትውን ብምዝርራብ ኪፍትሑ ዚኽእሉውን ይኾኑ እዮም። እዚ “**ጽኑዕ ዕርድታት**” ኢልና ንርእዮ ዘሎና ነጥቢ ግን ክንዮ ኣእምሮ ዚኸይድን ብመንፈስ ኣምላኽ ጥራይ ድማ ዚድህሰስን ጠንቂ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ብጸሎት እንተ ዘይኮይኑ ምስ ሰባት ብምዝርራብ ጥራይ ኪፍታሕ ዘይክእል። ከም መጠን መንፈሳውያን ሰባት ከኣ ኣእምሮናን መንፈስናን ማለት እቲ ግኡዝ ዓለምን እቲ መንፈሳዊ ዓለምን ክንርድኦ ካብ ኣምላኽ እተዋህበና ሓለፋ እዩ እሞ ንረዳኣዮ ደኣ። ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ እዚ ጽኑዕ ዕርድታት ኣመልኪቱ ከምዚ ይብለና ፦

**ከም መጠን ክርስቲያናት ብዛዕባ እቲ ዘሎና ትሕዝቶ መጠኑ ብዘየገድስ ኣዚና መመስገንቲ ክንከውን ይግብኣና።**

*“ብስጋ እንመላለስ ክነስና እኳ ፡ ከም ስጋስ ኣይንዋጋእን ኢና። ኣጽዋር ውግእና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንምፍራስ ጽኑዕ ዕርድታት ብርቱዕ እዩ እምበር ፡ ስጋዊ ኣይኮነን። ብእኡ ኸኣ ሓሳባትን ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ንዚጻላእ ልዕል ዝበለ ነገር ኵሉን እናፍረስና ፡ ኵሉ ኣእምሮውን ንምእዛዝ ክርስቶስ ንማርኾ ኢና። ምእዛዝኩም ምስ ተፈጸመውን ፡ ነቲ ዘይምእዛዝ ዘበለ ዅሉ ኽንቀጽዖ ተዳሊና ኣሎና” (2ቈረ 10:3-6)።*

እዞም ጽኑዓት ዕርድታት ኣብ ኣእምሮና ኣትዮም ካብ ዚፍጽምዎ ገለ ሒደት እዞም ዚስዕቡ እዮም ፦

- ግጉይን ዘይቅኑዕን ዝኾነ ንድፊ ወይ ኣገባብ ኣተሓሳስባ ከም ዚትክል ይገብር። መሰረት ናይዚ ንድፊ እዚ ኸኣ ምትላል ዝመልአ ሓበሬታ እዩ።
- ኣብ ናይ ሰይጣን እተሰረተ ዘይጥዑይ ወይ ዝንቡል ስርዓተ ኣተሓሳስባ እዩ።
- ጸጋ ኣምላኽ ክንሓስብን ክንርእን ክሳዕ ዘይንኽእል ብዑረት ይወቕዑና።
- ርክብና ምስ ሰብን ኣምላኽን ከም ዘይዓቢ ይገብሩና።
- ኣምላኽ ጨካን ከም ዝኾነን ጸሎትና ከም ዘይሰምዕን ገይሩ እዩ ዜርእየና።

ውጽኢት ናይ ከምዚኦም ዝዓይነቶም ጽኑዓት ዕርድታት ከኣ ኣብ ሓዳርና ቀጻሊ ዝኾነ ግርጭት ከም ዝላዓል እዩ ዚገብር። ነዚ ኸምዚ ዝዓይነቱ ጸገም እቲ እንኮ ፍታሕ ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ብዛዕባ እቲ ንጹር ዝኾነ ጸገም ብጸሎት ምሕታት ጥራይ እዩ። ነቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ጸገም መሰረቱ እንታይ ከም ዝኾነ ጉይታ ኪገልጾ እዩ ፡ ኪምሕዎውን እዩ። እዚ ክሳዕ ዚኸውን ከየባተኽካን ነቒሕካን ምጽላይ ኬድሊ እዩ።

ብምኽንያት እዞም ካብ ዝጠቐስናዮም ሒደት ጠንቂ ግርጭታት ፡ ብሓፈሻ ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት ብፍላይ ከኣ ኣብ ሰብ ሓዳር እዞም ዚስዕቡ ውጽኢት ኣለዎም ፦

1. እቲ ዘሎ ርክብ ወይ ዝምድና ይበላሾ።
2. ንወንጌል ምስክርነትና ይበላሾ።
3. ነቲ እተጸዋዕናሉ ጽውዓ ዘይበቅዕ ህይወት ንነብር።

ስለዚ ኣብ መደምደምታ ኣብዛ ናይ ግሽነት ዘመንና ንኣምላኽ ኣስሚርና ምእንቲ ክንሓልፍ ፡ ዓቲብና ኸኣ ውሉድ ኣምላኽን ብጁኣንን ዚብል ቃል ጉይታ ኪኾነልናን ፡ ገበርቲ ሰላም ንኹን። ኣብ ኵሉን ምስ ኵሉን ኵሉ ጊዜን ገበርቲ ሰላም ክንከውን ንጋደል።